ቢሮ ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽንን ክልል ትግራይ ኮምፒተርን ተዛመድቲን ፅገና ግልጋሎት ንምርካብ ብፕሮፎርማ አወዳዲሩ ናይ ዓመት ውዕሊ ክአስር ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጥቅምቲ 14, 2017 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 18, 2017 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 18, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ፅገና ኮምፒተርን ኤሌክትሮኒክስን/

ምልክታ ፕሮፎርማ ጥቅምቲ - 2017 ዓ.ም

ቢሮ ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽንን ክልል ትግራይ ኮምፒተርን ተዛመድቲን ፅገና ግልጋሎት ንምርካብ ብፕሮፎርማ አወዳዲሩ ናይ ዓመት ውዕሊ ክአስር ይደሊ።

በዚ መሰረት እዚ ዝስዕብ ረቓሒ እተማልኡ ክትወዳደሩ ንዕድም

• በቲ ዘርፊ ናይ 2016/2017 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ፣ መቕረባይነት ክተቕርቡ እትኽእሉ።

• ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ ቲን ክተቕርቡ እትኽእሉ።

• ተጫረቲ ሰነድ ፕሮፎርማ ካብ ቢሮ ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽንን ፊት ንፊት ደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ ዝርከብ ሓበራዊ ህንፃ 1 ደብሪ ዳይሬክቶሬት ዕደጋ ፋይናንሰን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቁፅሪ 59 ካብ ዕለት 14/2/2017 ብምውሳድ ዋጋ መሊእኹም ናይ ትካልኩም ማህተምን ፌርማን ዘለዎ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ብዝተዓሸገ ፖስታ ክሳብ ዕለት 18/2/2017 ስዓት 3:00 ናብ ዳይሬክቶሬት ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቁፅሪ 59 ዝተዳለወ ሳፁን ኣታዊ ክትገብሩ ትኽእሉ። እቲ ፕሮፎርማ ስዓት 3፡30 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ስዓት 4፡00 ይኸፈት።

• እቲ ጨረታ ፕሮፎርማ ካብ ዝተኸፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን7' ናይ ስራሕ መዓልቲ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሕ ይኸውን፣

• እዚ ፕሮፎረማ ኣብ መንጎ ቢሮ ልምዓት ከተማን ኮንሰትራክሽንን መቕረባይን ከም ውዕሊ ኮይኑ የገልግል።

• ስዓራይ ምኻንኩም ካብ ዝተገለፀልኩም ኣብ ውሽጢ 3 ስራሕ መዓልቲ ኮምፒተርን ተዛምድቲን ፅገና ምግባር ናይ ዓመት ውዕሊ ዝአስር።

• ቢሮና እቲ ፕሮፎርማ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 03-42-40-01-29 ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle